# ግብጺ/ሱዳን

## ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕብን ጭካነ ብዝመልአ ኣተሓሕዛ፡ ጭውያ ንለውጢ ገንዘብን ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ይሳቀዩ

AMNESTY INTERNATIONAL

ሕትመታት ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል

ቀዳማይ ሕታም ኣብ 2013 ብ
ሕትመታት ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል
ኢንተርናሽናል ሰክረታርያት
ፒተር በነንሶን ሃውስ
ጎደና ኢስቶን 1ይ
ሎንዶን WC1X 0DW
ዩናይተድ ኪንግዶም
www.amnesty.org

© ሕትመታት ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል 2008

መወከሲ: AFR 04/001/2013
ቀዳማይ ቋንቋ፡ እንግሊዝ
ብኣንስትይ ኢንተርናሽናል፡ ኢንተርናሽናል ሰክረታርያት፡ ዩናይተድ ኪንግዶም ዝተሓትመ

መሰል ደራሲ ብሕዚ ዝተሓለወ።  ንጎስጋስ፡ ምንጥባቅን ንትምህርታዊ ኣገልጉሎት ብዘይ ፍቃድ ጸሓፊኡ ብዘይ ክፍሊት ብዝኾነ ዓይነት መገዲ ምብዛሕ ይፍቀድ እዩ ምሻጥ ግን ብሕጊ ኩልኩል እዩ። ካብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ወጻኢ ኣገልጉሎት ንኽውዕል ወይ ከኣ ኣብ ካልኦት ሕታማት ንምጥቃም ወይ ድማ ምትርጋምን ፍቃድ ናይ ኣሕታሚ ክቅበልን ክፍሊት እንተልዩ ክኽፍልን ይግባእ።
ፍቃድ ንምሕታትን ንኻልእ ሕቶታትን ብኽብረትኩም በዚ ርኸቡና
copyright@amnesty.org

ኣምነስትይ ኢንተርናሽናል ናይ ለዕሊ 3 ሚልዮን ደገፍቲን ንጥፉት ኣባላትን ኣብ ልዕሊ 150 ሃገራት ኣከባቢታትን ዘለውዎ፡ ሕሱም ዓመጽ ሰብኣዊ መሰላት ንኽውዳእ ዝጉስጉስ ኣህጉራዊ ምንቅስቃስ እዩ።

ራኢና ኩሉ ሰብ ኣብ ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ካልኦት ኣህጉራዊ መምዘኒታት ሰብኣዊ መሰላትን ዝሰፈሩ ኩሎም ዓይነት መሰላት ብሓጎስ ከስተማቅር እዩ።

ካብ ዝኾነ መንግስታዊ ፣ ፖሎቲካዊ  ስነ-ሓሳብ ፣ ቁጠባዊ ረብሓ ይኹን ሃይማኖታዊ ነጻ ዝኾነ ኣውራ ከኣ ብኣባላቱን ብህዝባዊ ወፈያን ዝምወል ማሕበር እዩ።

AMNESTY
INTERNATIONAL

# ትሕዝቶ

ካርታ መስመር መገዲ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት 5

1. መእተዊ 6

2. ጭውያ ደቂ ሰባት ንገንዘብ ኣብ ምብራቕ ሱዳን 7

3. ሕጽረት ድሕነትን ጸጥታን ኣብ ማዓስከር ስደተኛታት ሽገራኣብ 9

4. ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂሰባት ኣብ ዶባት 10

5. ጭካነ ዝመልኦ ኣሰቃቂ ኣተሓሕዛ ኣብ ሲናይ 12

6. ለበዋ 16

ሱዳን 16

ግብጺ 17


ኤርትራ 18

እስራኤል 18

ዞባዊ ምትሕግጋዝ 19

መወከሲ 20

# ካርታ መስመር መገዲ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት




*ኣቀራርባ ኣስማትን ዶባትን ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ሓላፍነት ክወስድ ግድን ኣይኮነን።*

# 1. መእተዊ

ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ድሕነትን ጸጥታን እቶም ካብ ውሽጥን ከባቢን ኣብ ምብራቅ ሱዳን ዝርከብ መዓስከራት ስደተኛታት ሽገራኣብ ተጨውዮም ኣብ ወሽመጥ ሲናይ ኣብ ግብጺ ጅሆ ተታሒዞም ዝሳቀዩ ዘለዉ ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቅባን ኣዝዩ የሻቅሎ። እቶም ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቅባን ኣብ ሲናይ ዘይተኣደነ ገንዘብ ካብ ስድራቤቶም ንምርካብ ብእዝዮ ጭካነ ዝመልአ ግፍዕታትን ዘይሰብኣዊ ኣተሓሕዛን ይሳቀዩ።

ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ካብ 2011 ጀሚሩ ዘይተኣደነ ጸብጻብ ጭውያ ተቀማጦ ማዓስከራት ስደተኛታት ሽገራኣብ ክቅበል ከሎ ተወሳኺ ኣብ ጥሪ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ ተወሳኺ ጭውያ ከምዘጋጠመ ኣረጋጊጹ። መብዛሕትኦም ካብ'ዞም ዝተጨውዩ ብሕይሊ ካብ ሱዳን ብስግረዶብ ናብ ግብጺ ክውሰዱ ከለዉ፡ ዝበዝሕ እዋን ከኣ ናብ ከባቢ ሲናይ ይውሰዱ። ዝበዝሑ ካብቶም ግዳያት ኣብ መገዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ጉጅለ ገበነኛታት ክምዝሸየጡ ይሕብሩ።

ኣብ ሲናይ ከኣ ንምልቃቆም ዘይተኣደነ ገንዘብ ብሓይሊ ካብ ቤተሰቦም ስጋብ ዝኸፍል ከም ምሩኻት ይተሓዙ። ብኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ዘተኣከበ ምስክርነት ግዳያትን ሓቤሬታን መሰረት፣ እቶም ግዳያት ብኣዝዩ ጭካነ ዝመልአ ግፍዕታት መግረፍቲ፡ ምግሳስ ኣብ ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ካልኦት ዓይነት ስጋዊ ዓመጽን ይሳቀዩ። ገለ ካብቶም ገንዘብ ክኸፍሉ ዘይከኣሉ ከኣ ይቅተሉ። ገለ ከኣ ብሰንኪ ኣስካሕካሒ ኣተሓሕዛን ኣዝዩ ሕሱምን መሪርን ኩነታት ማሕዩርን ይመቱ።

ኣብ ጥሪ 2013፡ ኣብ ማዓስከራት ሰደተኛታት ሽገራኣብ ዘጋጠመ ጭውያ፡ ኣብ ሞንጎ እቶም በቲ ብተደጋጋሚ ኣብ ልዕሊኦም ዘጋጥም ዘሎ ገበናት ዝተቆጥዑ ስደተኛታትን ብቡዙሓት ግዳያትን ተቐማጦ እቲ ከባቢን ናይ'ቲ ገበን ተሓተቲ ተባሂሎም ዝእመነሎም ኣባላት ቀቢላ ራሻይዳን ረጽሚ ተወሊዑ። ምጭዋይ ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቅባን፡ ኣብ ውሽጥን ከባብን ኣብ ምብራቅ ሱዳን ዝርከባ እኩባት ማዓስከራት ስደተኛታት ሽገራኣብን፡ ኣብ ዶባት ኤርትራን ሱዳንን ዳራጋ ንልዕሊ ክልተ ዓመት ኣቢሉ ክኸይድ ጸኒሑ። ብተወሳኺ፡ ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ምጭዋይ ሓደሽቲ ሰደተኛታት ኣተውቲ ኣብ ምስ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘዳውብ ምብራቃዊ ዶባት ሱዳን ዝሕብር ጸብጻባት ክቅበል ጸኒሑ።

ዝበዝሑ ካብቶም ግዳያት ጭውያ ከኣ ካብቶም ዝበዝሑ ተቀመጥቲ እቲ ማዓስከር ዝኾኑ ኤርትራውያን ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቅባን እዮም።[1] ካብቶም ግዳያት ሓያለይ ኢትዮጵያውያን ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቅባንውን ይርከብዎም። በቲ ጸብጻብ መሰረት ከኣ ንውሑድ ቁጽሪ ሱዳናውያንውን ክጸሉ ከምዝጸንሐ ይሕበር። እቲ ምጭዋይ ስደተኛታት ብተወላዶ እቲ ከባቢ፡ ዝበዝሕ እዋን ብሓገዝ ኤርትራውያን ውልቀሰባት እንዳተሰነየ፡ ምስ ኣባላት ጽጥታ ሱዳን ብምምሽጣር ዝሰርሕ መርበባር ገበነኛታት እዩ ዝካየድ።[2] ብዘይካ'ዚውን ካብ ኤርትራ ንሱዳን ብዘይሕጋዊ መገዲ ሰባት ዘስግሩ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኤርትራውን ክህልዎ ከምዝኽእል ይግለጽ።[3]

እዚ መግለጺ እዚ ንኹሉ መዳይ እዚ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ኩነታት ኣካ እንተዘይኣጠቃለለ፡ ንገለ ካብቶም ኣገደስቲ ኣንጻር መሰረታዊ ሰበኣዊ መሰላት ኣብ ሱዳንን ግብጽን ኣብ ልዕሊ ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቅባን ዘጋጥሙ ዘልዉ ወጽዓን ዓመጽን ብምግላጽ፡ ነዞም ዝፍጸሙ ዘለዉ ገበናት ደው ንምባል እዝዩ ኣገደስን ህጹጽን ጻዕርታት ንምክያድ ለበዋ የምሓላልፍ።

# 2. ጭውያ ደቂ ሰባት ንገንዘብ ኣብ ምብራቕ ሱዳን

ኣብ ጥሪ 21 2013 ኣብ ኣጋ ምሸት ዝተረኸበ ሓቤሬታ መሰረት፡ ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ሓንቲ ኢትዮጵያዊት ሓንቲ ድማ ኤርትራዊት ኣብ'ቲ ዝነብራሉ ከተማ ዝሓመመ ማሓዛኦን ኣብ ሕክምና በጺሔን ንገዛአን እንዳተመለሳ ተጨውየን። እዘን ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ብካሮ ዝባሃል ዓይነት ህዝባዊ መጋዓዝያ እንዳተጋዓዛ እንከለዋ፡ ብረት ብዝዓጠቑ ሰባት ነታ ካሮ ጥጠው ብምባል ጨውዮመን። ኣብ ጽባሕ እታ መዓልቲ ማለት ጥሪ 22 2013 ከኣ፡ ተቐማጦ ማዓስከር ስደተኛታት ሸገራኣብ ዝኾና ካልኦት ክልተ ኤርትራውያን ደቂኣንስዮ ንቤተክርስትያን ኢለን ምስከዳ ኣይተመልሳን። ብመሰረት እቶም ተቐማጦ እቲ ማዓስከር ከኣ ከም ዝተጨወያ ተረጋጊጹ።

ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ካብ መጀመርታ 2011 ኣትሒዙ፡ ካብ ሸገራኣብን ከብቢኡን ጸብጻብ ጭውያን ተመዝሒቆም ሃለዋቶም ዘጠፍኡ ውልሰባትን ክቅበል ጸኒሑ። እቶም ጸብጻባት ብዘይካ ኣብ'ቲ ውሽጢ'ቲ ማዓስከር ስደተኛታትን ከባቢኡን ዝንቀሳቀሱ፡ ኣብ'ቲ ማዓስከር ካብ ዝርከብ ውሽጢ ገዛውቶምውን ይገልጹ። ተቐማጦ እቲ ማዓስከርውን ኣብ ግዜ ለይቲ ኣውያትን ጭደራን ከምዝሰምዑ ክሕብሩ ጸንሖም እዮም። ንሳቶም ድሒሮም ከምዘረጋገጽዎ እቲ ኣውያት ኣብ ጎሮቦቶም ናይ ዝርከቡ ብራሻይዳ ክጭወዩ ፈተነ ዝተገብረሎም ስደተኛታት ምኻኑ ኣብ ሓቤሬታኦም ገሊጾም።

ስድተኛታት ኣብ ከባቢ እቲ ዶባት ወይ ቅድሚ ኣብ ማዓሰከራት ስደተኛታት ምብጻሖም ወይ ከኣ ዝሓሸ ሓለዋን ኣብ'ቲ ማዓስከር ክረኽብዎ ዘይክእሉ ዝሓሸ ቁጠባዊ ዕድላትን ንምርካብ ካብ'ቲ ማዓስከር ኣብ ዝወጹሉን ከም ዝጭውዩ ብዙሓት ጸብጻባት ይገልጹ። ብዘይካ'ዚ ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ናይ ካብ ቀጽሪ ኣብ ከተማ ከሰላ ዝረከብ ቤት ጽሕፈት ላዕላዋይ ተጸዋዒ ኮሚሽነር ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ዝተጨውዩ ሰባት ከምዘለው ዘረጋግጽ ጸብጻብ ተቀብሉ።

መግለጺታት ላዕላዋይ ተጸዋዒ ኮሚሽነር ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ጭውያ ደቂ ሰባት ኣብ ምብራቕ ሱዳን ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ክመዝወሰኸ ይሕብር። ኣብ ዓመተ 2011-2012፡ ላዕላዋይ ተጸዋዒ ኮሚሽነር ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃገራት 396 ጉዳያት ጭውያ ኣረጋጊጹ። እቶም ጉዳያት ኣብ ዶባት፡ ኣብ ማዓስከር ሰደተኛታትን ነቲ ማዓስከር ገዲፎም ንኻርቱምን ኣብ ዝኸዱሉን ዝተፈጸሙ ምኻኖም ይሕብር። ኣብ ዓመት 2012 ጥራይ፡ ላዕላዋይ ተጸዋዒ ኮሚሽነር ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝርከብ ቤት ጽሕፈቱ፡ ኣብ ወርሒ ካብ 30 ክሳብ 50 ዝኾኑ ኣብ ዶባት ኤርትራን ሱዳን ተጨዊና ዝብሉ ጥርዓናት ከም ዝተቀበለ ኣረጋጊጹ። እቶም ነዚ ጥርዓን ዘቕረቡ ውልቀ ሰባት ብፖሊስ ኣብ ሱዳን ዝተታሕዙ እዮም።[4] እንተኾነ፤ ጸብጻባት ላዕላዋይ ተጸዋዒ ኮሚሽነር ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ስፍሕ ዝበለ ጭብጥታትን መረዳእታትን ኣብ ፍጻመታት ጭውያ ደቂሰባት ከምዘየለ ይገልጽ። እቶም ጸብጻባት በቶም ኣብ ከባቢ ዶብት ወይ ከኣ ማዓስከር ሰደታኛታት ሸገራኣብ ገዲፎም ኣብዝኸድሉ ዝተጨውዩ ስደተኛታት፡ ብዝተፈላለይ ምኽንያት ሃዲሞም ናብ ሸገራኣብ ተመሊሶም ድሕሪ ምሕባር ዝተረኽቡ እዮም። እዞም ላዕላዋይ ተጸዋዒ ኮሚሽነር ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ዝረኸቦም ጸብጻባት ዝበዝሐ ግዜ ካልኣይ፡ ሳልሳይ ወይ ራባዓይ ኢድ እዮም። ግዳይት ኣብ ሱዳን ጀሆ ተታሒዞም እንከለዉ ነጻ ብምውጻእ እንተዘይኮይኑ ነቲ ሓቤሬታ ንምርግጋጹ ኣጸጋሚ እዩ። ስለዚ ከአ ሓቀኛ ቁጽሪ ካብ ምብራቕ ሱዳን ዝተጨውዩ ሰባት ካብ'ቲ ዘሎ ኣሃዛዊ ጸብጻብ ብመጠኑ ዝለዓለ ክኸውን ከምዝኽእል ይግለጽ።

ጸብጻባት ላዕላዋይ ተጸዋዒ ኮሚሽነር ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃገራትን ኣህጉራዊ ማሕበር ስደትን፡ ሓደሽቲ ኣተውቲ ስደተኛታት ካብቶም ኣቀዲሞም ዝኣተዉን ንነውሕ ዝበለ ዝተቀመጡን ሰደተኛታት ዝለዓለ ሓደጋ ናይ ምጭዋይ ከምዘጋጥሞም የመልክቱ። ሓደሽቲ ኣተውቲ ኣብ ቀጽሪ እቲ ማዓስከር ከጽንሑ ከምዝይደልዩ ከኣ ይሕበር። ኣብ ዝሓለፈ ቀራባ ዓመታት፡ ብዙሓት ናይ ስደተኛ ወረቀቶም ኣብ ዝሕዙሉ እዋን ብኡ ንብኡ ከይደንጎዩ ካብ'ቲ ማዓስከር ከወጽኡ ክፍትኑ ጸኒሖም። ምንጪታት ካብ'ቲ ከባቢ፡ እተን ዝበዝሓ ግዳያት፡ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ምኻነን ንኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ይገልጹ። ካብቶም ግዳያት ስድራቤት ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ቆልዑት ይርከብዎም።

ብዙሓት ካብ ግዳያት ምጭዋይን መሸጣ ብሂወት ተሪፎም፡ ካብ ሲናይ ተለቂቆም ናብ እስራኤል ምስ ኣተው፡ ኣብ እስራኤል ንዝርከባ ተጣበቕቲ መሰል ደቂ ሰባት ዝኾና ማሕበራት ኣብ ዝሃብዎ ቃል፡ ኣብ ዶባት ኤርትራን ሱዳንን ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ጸጥታ ሱዳን፡ ነቶም ግዳያት ንራሻይዳ ኣብ ምሻጥ፡ ነቶም ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት ዝተዋፈሩ ገበነኛታት ከኣ ከምዘይረኣዩ ዝኾነ ዓይነት መልሲ ብዘይምሃብ ከምዝተሓባበሩ ገሊጾም።[5] ብተወሳኺ እቶም ተቀማጦ ማዓስከራት ሽገራብ ንኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ኣብ ዝሃብዎ ቃል፡ ኣብ'ቲ ማዓስከር ስደተኛታት ካብ ናይ ሃገራዊ ድሕነት ሱዳን ሓገዝ ንኽሓቱ ከምዝፈርሑ፡ ንተራ ሃገራዊ ድሕነት ሱዳን ኣብ ጉዳይ ምጭዋይ ከምዘይ ኣምንዎን ገሊጾም።

ኣብ ናይ ሓምለ 2012 ጸብጻቡ፡ ተቓጻጻሪ ጉጅለ ውዱብ ሑቡራት ሃገራት ኣብ ሶማልያን ኤርትራን ተሳታፍነት ላዕለዎት ወተሃደራዊ መራሕቲ ዝርከብዎም ሰበስልጣን ኤርትራ ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት ካብ ኤርትራ ናብ ሱዳንን ናብ ግብጽን ኣረጋጊጹ።[6]

# 3. ሕጽረት ድሕነትን ጸጥታን ኣብ መዓስከራት ስደተኛታት ሽገራኣብ

ፍጻመታት ጥሪ 21ን 22ን ኣኽቲሉ፡ በቲ ብተደጋጋሚ ዝፍጸም ዝነበረ ምጭዋይ ስደተኛታት፡ ብሕጽረት ድሕነትን ጸጥታትን ዝተሻቀሉ ኣብ'ቲ ማዓስከር ዝነበሩ ሓያሎ ስደተኛታን ሓተቲ ዑቅባን፡ ነቶም ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነብሩ ኣብ ዕዳጋ ናይ'ቲ ማዓስከር ስደተኛታት ዝነበሩ ኣባላት ራሻይዳ ብበትሪ ተሳሂሎሞም። ራሻይዳ ናይ'ዚ ኣብ ማዓስከር ሽገራኣብ ዝግበር ምጭዋይ ስደተኛታት ተሓተቲ ምኻኖም ብሰፊሑ ይእመነሎም።[7] ከም ግብረመልሲ ናይ'ቲ መጥቃዕቲ ከኣ ብረት ዝዓጠቑ ኣባላት ቀቢላ ራሻይዳ፡ ተኾሲ ኣብ ልዕሊቶም ስደተኛታት ብምኽፋት ብውሕዱ ሰልሰተ ስደተኛታት ብጽኑዕ ከምዘቅሰሉዎም ይፍለጥ። ኣብ'ቲ ፍጻመ ሸሞንተ ኣባላት ራሻይዳውን ከም ዝቖሰሉ ተሓቢሩ። ኩሎም እቶም ዝቖሰሉ ከኣ ናብ ኣብ ከሰላን ካርቱምን ዝርከብ ሕክምና ተመሓላሊፎም።

ኣብ'ቲ ማዓልቲ፣ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ፣ ሰበስልጣ መንግስት ሱዳን ኣብ'ቲ ከባቢ ንዝርከቡ ፖሊስ ንምሕጋዝ ክልት ኣሃዱታት ሓይሊ ምድርን ክልተ ኣሃዱታት ፖሊስን ብምውፋር ነቲ ጉዳይ ከህድእዎ ኪኢሎም። ኣብ'ቲ ዝቀጸለ ማዓልቲ ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል በቶም ስደተኛታት ናይ ራሻይዳ ምኻነን ዝተረጋገጸ ብረት ዝጽዓና 70 ተሽከርከርቲ ናብ'ቲ ማዓስከር ስደተኛታት ክኣትዋ ፈተንካ ገሬን እንተነበራ ነቲ ጎነጽ ደው ከብሉ ዝተላእኩ ሰራዊት ሱዳንን ኣሃዱታት ፖሊስን ካብ ምእታው ከምዝተኸልከላ ጸብጻብ ተቀቢሉ።

እዞም ኣጋጣሚታት እዚኣቶምን፡ ኣብ ዝላዓለ ጥርዙ ዝደየበ ጽልኢ ኣብ ሞንጎ ተቀማጦ እቲ ማዓስከር ስደተኛታትን ራሻይዳን፡ ነቶም ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቅብን ናብ ዝለዓለ ስግኣት ናይ ጸጥታት ይእትይዎም። ብተወሳኺ ተቀማጦ እቲ ማዓስከር ስደተኛታት ኣብ ልዕሊ ሰበስልጣን መንግስቲ ሱዳን ፍጹም ምትእምማን ከምዘይብሎምን ሙብዛሕቲኦም ከኣ ኣብ'ቲ ማዓስከር ስደተኛታት ንነብሶም ኣብ ትሕቲ ዑቅባ ከምዘለዉ ገይሮም ከምዘይሓስብዋ ይገልጹ። ሓደ ካብ 1987 ዓመተ ምህረት ጀሚሩ ኣብ'ቲ ማዓስከር ስደተኛታት ዝነብር ስደተኛ ንኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ነቶም ጨወይቲ እናኣመተ ከም'ዚ ክብል ገሊጹ "ቅድም ሕጂ ኣብ እዋን ለይቲ ናይ ጸጥታ ጸገም ነይሩና ንፈርሕ ኔርና ሕጂ ግን ዋላ ብግዜ ቀትሪ እዮም ዘጥቅዑና ዘለዉ"።

ብመሰረት ገምጋም ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ተጸዋዒ ኮምሽነር ሰደተኛታት ውዱብ ሕብረት ሃገራት ወርሓዊ ኣስታት 3,000 ኤርትራውያን ካብ ኤርትራ ናብ ሱዳን ይኣትዉ። ስጋብ ግንቦት 2012 ብማእከላይ ገምጋም ወርሓዊ ኣስታት 2,000 ኣቢሎም ኣብ ማዓስከራት ሽገራኣብ ዑቅባ ይሓቱ። ኣብ'ቲ ማዓስከር፡ እቶም ሓተቲ ዑቅባ መስርሕ ምጽራይ ስደተኛ ድሕሪ ምሕላፍ ናይ ስደተኛ ምስክር ወረቀት ይወሃቡ። ካብ ግንቦት 2012 ግን ቁጽሪ መዝገባ ሓደስቲ ኣተውቲ ኣብ'ቲ ማዓስከር ኣዝዩ ጎዲሉ። ሓደ ተቀማጣይ እቲ ማዓስከር ስደተኛታት ኣብ ሽገራኣብ ዝግበር ናይ ምጭዋይ ሓደጋ ነቶም ስደተኛታት ኣብ'ቲ ቦት ዑቅባ ከይሓቱ ዓንቃጺ ኮይኑ ከምዘሎ ንኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ኣብ ዝሃቦ ቃል ገሊጹ።

# 4. ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባትን ኣብ ዶባት

ብዙሓት ካብቶም ኣብ ሱዳን ዝተጨውዩ ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን፡ ግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ክኾኑ ጸኒሖምን ኣልዉን። ኣብ ጉዕዞ ከኣ ካብ ሓደ ጉጁለ ገበነኛታት ናብ ካልእ ጉጁለ ገበነኛታት እንዳተሸጡ ኣብ ኢድ ብዙሓት ጉጁለ ገበነኛታት ይወድቁ።[8] ኣብ መብዛሕቲኡ እዋን እቶም ግዳያት ብሓይሊ ናብ ከባቢ ሲናይ ናይ ግብጺ ይውሰዱ።

ብዘይካ ብራሻይዳ ብካልኦት ማለት ምስ ራሻይዳ ዝተሓባበሩ ኣባላት ሓይልታት ጸጥታ ሱዳንን፡ ካልኦት ሱዳናውያንን ኤርትራውያንን ዝተጨውዩ ግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን፡ ኣብ ዝቀልጠፈ ናብ ጭፍራ ገበነኛታት ራሻይዳ ከምዝሸየጡ ሓብሮም። ኣብ መብዛሕቱኡ እዋን እቶም ግዳያት ኣብ ዝተፈላለይ ጉጁለ ናይ ራሻይዳ ኣብ ሱዳን ድሕሪ ምሻጦም ናብ ኣብ ግብጺ ዝርከቡ ናይ በደዊን መርበብ ጉጁለ ገበነኛታት ይሸየጡ። ብመሰረት ጸብጻብ ካብ ብሂወት ዝተረፉ ግዳያት መብዛሕትኦም እቶም ኣብ ሲናይ ዝርከብ ጭፍራ ገበነኛታት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት በዶዊን ምኻኖም ይገልጹ።

ዝበዝሑ ካብቶም ግዳያት ጭውያ ኣብ መጀምርታ ክስብ ካልኦት ተታሒዞም ዝጸንብርዎምን ሓደ ጉጁለ ዝፈጥሩን፡ ኣብ ምብራቃዊ ሱዳን ጀሆ ተታሒዞም ክምዝጽበዩ ገሊጾም። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እቶም ግዳያት በቶም ዓመጽቲ ንዓመጽ ማለት ማህረምቲ፡ ጭካነ ዝመልአ ኣተሓሕዛን ምግሳስን ከይተረፈ ይቃልዑ። ብዘይካ'ዚ ካብ መግብን ማይን እውን ይኽልከሉ። ሓደ ጉጁለ ምስ ኣኸሉ ከኣ ሓያሎ ሰሙናት ዝወስድ ኣዝዩ ኣሰቃቒ ብዝኾነ ጉዕዞ ብሓይሊ ይውሰዱ።


ብመሰረት ምስክርነት ብሂወት ዝተረፉ ግዳያት፡ እቶም ሰደተኛታትን ሓተቲ ዑቕብን ኣብ ጉዕዞ ኣዝዩ ውሑድ መግብን ማይን ጥራይ ይወሃቡ። ኣብ'ቲ ጉዕዞ ኣብተን ዝጋዓዙለን ተሽከርከርቲ ወይ ከኣ ናይ ጽዕነት ምካይን ኣዝዩም ተጨቓጪቖም፡ ብሕጽረት ምስትንፋስ ዓቕሎም ስጋብ ዝጸበም ይጋዓዙ። ገል ካብቶም ብሂወት ዝተረፉ ግዳያት መማጽእቶም ብሰንኪ ሕጽረት እስትንፋስ፡ ጥምየትን ጽምእን ኣብ ጉዕዞ ከምዝሞቱ ገሊጾም። ኣብ ሲናይ ምስ በጽሑ ከኣ እቶም ግዳያት ገንዘብ ካብ ስድራቤቶም ንኽኸፍሉ ብዕላማ በቶም ዘይሕጋውያን ኣስጋገርቲ ጀሆ ይተሓዙ። ገለ ካብኣቶምውን ኣብ ሲናይ ጀሆ ኣብ ዝተታሕዙሉ እዋን፡ ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ጉጁለ ገበነኛታት ይሸየጡ። ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ሓደ ሓደ ጸብጻብ ናይቶም ካብ'ቲ ዝተኣሰሩሉ ነጻ ንኽወጽኡ ገንዘብ ድሕሪ ምኽፋሎም ዝተሸጡ ሰባት ክቅበል ጸኒሑ። ዝበዝሑ ካብቶም ጸብጻባት፡ እቶም ግዳያት ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ናይ ሲናይ ዝርከቡ ቀጽሪታት ጀሆ ከምዝተሓዙ ይገልጹ። ኣብ ገለ ጉዳያት ብጋዜጤኛታት ዝተሓተቱ ግዳያት፡ ካብ ጥቃ ራፋሕ ዝርከብ ኣብ ኣል-ማሃድያ ዝባሃል ቀጽሪ ከም ዝሃደሙ ሓቢሮም።[9]

ብዙሓት ካብቶም ካብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝመጹ ሰደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን ካብ ካልኦት ከባቢታት ዝተሰደዱን፡ ካብ ሃገሮም ከውጽእዎም ይኹን ዝሓሸ ሓለዋ፡ ዝሓሸ ጸጥታ ከምኡውን ዝሓሸ ቁጠባዊ ዕድላት ንምርካብ ናብ ኮልኦት ከባቢታት ከብጽሕዎም፡ ምስ ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ ይሰማመዑ።[10] እቶም ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ ከኣ ካብ 1,000 ክሳብ 5,000 ዶላር ኣሜሪካ ከምዝኽፈሉ ይግለጽ። ኣብ ዝሕለፈ ክልት ዓመታት፡ እቶም ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ ኣብ መወዳእታ ነቶም ዘስግርዎም ዝያዳ ገንዘብ ንምኽፋል ጅሆ ከምዝሕዝዎምን፡ ንካልኦት ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቀ ሰባት ዝተዋፈሩ ጉጁለ ገበነኛታት ከምዝሸጥዎምን ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ብዝሕ ዝበለ ቁጽሪ ዘልዎ ጸብጻብ ክቅበል ጸኒሑ።

ኣብ ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ዝርከብ ሓቤሬታ ኣብ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ሱዳንን ግብጽን ዝነጥፍ ኣዝዩ ሰፊሕ መርበብ መስመራት ናይ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት ዝተዋፈረ ጉጅለ ገበነኛታት ከም ዘሎ ይገልጽ። እቶም ገበነኛታት ከኣ ብከቢድ ዝዓጠቁ ምኻኖም ይዝረበሎም። ብተወሳኺ ኢቲ መርበብ ገበነኛታት ኣብ ከም እስራኤል፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜርካን ኤውሮጳን እቲ ዝኸፈል ገንዘብ ዝእከቡ ወከልቲ የጠቃልል።

# 5. ጭካነ ዝመልኦ ኣሰቃቂ ኣተሓሕዛ ኣብ ሲናይ

ብመሰረት ብኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ዝተረኸበ ምስክርነት፡ ዝበዝሑ ካብቶም ኣብ ሲናይ ጀሆ ዝተታሕዙ ግዳያት፡ ክሳብ እቲ በቶም ኣስገርቲ ዝተተምነየሎም ገንዘብ ብቤተሶቦም ተኣኪብ ዝኽፈል፡ ኣዝዩ ጭካነ ዝመልኦ ሕሰምን መከራን ይሓልፉ።[11] ዝበዝሕ እዋን እቶም ኣስገርቲ ዝጠቀምሉ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ከምዚ ዝስዕብ የጠቓልል ማህረምቲ ብዝተፈላለየ ነገራት ከም ሰንሰለት ናይ ሓጺን፣ በትርን ኩርማጅን፡ ምንዳድ ኣካላት ብናይ ሽጋራ፣ ነጠብጣብ ዝነድድ ፕላስቲክን ውዑይ ሓጺንን፡ ካብ ናሕሲ ንንውሕ ዝበለ እዋን ንቑልቁል ኣፍ ምንጥልጣል፡ ኣብ ኣካላቶም በንዚን ብምድፋእ ሓዊ ምንዳድን ኣብ'ቲ ኣዝዩ ውዑይ ምድረበዳ ንኣዝዩ ነዊሕ ግዜ ደው ብምባልን የሳቕዎም። ገል ካብቶም ግዳያትውን ብናይ ኳሬንቲ ተዘዝታ ከምዝሳቀዩ ይገልጹ። ገሊኦም ከኣ ካብ ኣጻብዕቶም ጽፍሮም ድሕሪ ምንቃል ክሸንሉ ይግደዱ። ብዘይካ'ዚ ምግሳስ ኣብ ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን፡ ካልኦት ዓይነት ስጋው ዓመጽን ብተደጋጋሚ ከምዝፍጽም ይገልጹ።



ኣብ ሕቆ ሓደ ኣብ ሲናይ ጀሆ ዝተታሕዘ ኤርትራዊ ድሕሪ ምቕጥቃጡን ብነጠብጣብ ዝነድድ ፕላስቲክ ድሕሪ ምሕራሩን ዝተረፈ በሰላ።

©Amnesty International

እዚ ጭካነ ዝመልኦ ኣተሓሕዛ እዚ እቶም ጀሆ ዝተታሕዙ ስደተኛታት እንተወሓደ ንቤተሰቦም ብዝቀልጠፈ ነቲ ነብሶም ንምድሓን ዝተኣዘዝዎ ዘይተኣደነ ገንዘብ ብዝቀልጠፈ ንኽኽፈል ንኽልምኑ ዝተወጠነ ምኻኑ ብሩህ እዩ።

እቶም ኣብ ሲናይ ጀሆ ዝተታሕዙ፡ ብሕጽረት መግቢ፡ ዝስተ ማይ፡ ናይ ሕክምና ኣገልግሎትን ንነዊሕ ግዜ ኣካላትካ ዘይምሕጻብን ይሳቀዩ። ብዙሓት ካብቶም ቀዳሞት ጀሆ ዝተታሕዙ ጅሆ ኣብዝተታሕዙሉ ግዜ ብሰንሰለት ሞቑሕ ምስ ካልኦት ከምኦም ጀሆ ዝተታሕዙ ከምዝእሰሩ ገሊጾም። ገል ካብኣቶም ከኣ ስድራቤቶም ክኽፈል ዝተሓተትዎ ገንዘብ ክኽፍልሎም ስለዘይከኣሉ ክቕተሉ ከለዉ ገሊኣቶም ከኣ ንኻልእ ስድራቤታት እንተዘይከፊሎም ደቆም ከምዝቕተሉ ንምርኣይ ይቅተሉ።

ካልኦት ከኣ ብሰንኪ ጭኮና ዝመልኦ ኣሰካሕካሒ ኣተሓሕዛን መሪር ኩነታትን ከምዝመቱ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ኣብ የካቲት 2012፡ ካብ ማዓስከር ሰደተኛታት ሸገረኣብ ተጨውዩ፡ ንሸሞንተ ኣዋርሕ ኣብ ሲናይ ጅሆ ድሕሪ ምትሓዙ፡ ብሂወት ዝደሓነ ኤርትራዊ ዘጋጠሞ ፈተነን ጸበባን ነኣንስትይ ኢንተርናሽናል ከምዚ ክብል ገሊጹ፡

“ ንሕና 16 ሰባት ኔርና፡ 13 ኤርትራውያን 3 ከኣ ኢትዮጵያውያን። ኣብ ሲናይ ምስ በጻሕና፡ ኣብ ገዛውቶም ምስ የእተውና ገንዘብ ክንከፍል ሓተቶምና። ሓደ ካብቶም ኢትዮጵያውያን ሽዑ ንሽዑ ክኸፍል ከምዘይኽእል ሓቢርዎም። እቶም ሒዞምና ዝነበሩ ነቲ ወዲ ንዓና ኣብነት ክኸውን ኢሎም ኣብ ቅድሚ ዓይንና ክዳውንቱ ኣውጺኦም፡ ብዓበይቲ ዕንጸይቲ ክቅጥቅጥዎ ጀሚሮም። ብድሕሪ'ዚ ዕንጸይቲ ብመሃንቱሱ ሸኲዖምሉ፡ ደም ብደም ከኣ ኮይኑ። ድሕሪ ብዙሕ ምቅጥቃጥ ከኣ በንዚን ኣብ ኣካላቱ ነስኒሶም ሓዊ ወሊዖምሉ። ሞስ ሞተ ከኣ ስጋብ መሸምሹ ሓሳኹ ዝምልእ ኣብ'ቲ ዝነበርናዮ ገዛ ገዲፎሞ ከይዶም። ኣብ'ዝ መጽእሉ ከኣ ነቲ ሬሳ ሓደ ብሓደ ከምንስከሞ ይገብሩና ነይሮም”።

ንሱ እቶም ግዳያት መዓልታዊ ኣዝዩ ብርቱዕ ማህረምቲ፣ ካብ ናሕሲ ንቁልቁል ኣፍ ምንጥልጣል፣ ምግሳስ ኣብ ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን፣ ምንዳድ ኣካላት ኣብ ከባቢ ብልዕቲ ከይተረፍ ብነጠብጣብ ዝነድድ ፕላስቲክ፣ ውዑይ ሓጺንን ሽጋራን፣ በንዚን ተነስኒስዎም ብምንዳድን ከምዝሳቀዩ ገሊጹ።

ካልእ ካብቶም ግዳያት ብሂወት ዝደሓነ፡ ወዲ 17 ዓመት ኤርትራዊ፡ ንኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ኣብ ጥሪ 2012 ምስ ዓርኩ ብሓደ ብዝዓጠቑ ጉጁለ ራሻይዳ ካብ ወሰናስን ከሰላ ተታሒዞ። ድሕሪ ኣዝዩ መሪርን ኣሰቃቅን ናይ ሓያሎ ሰሙናት ጉዕዞ ከኣ ኣብ ሓደ ዘይተወደአ ህንጻ ኣብ ሲናይ ተኣሲሩ። ኣብ መጀመርታ 45 ሰባት ነይሮም፡ ደሓር ግን ቁጽሪ እቶም ሰባት ምስ ምምጻእ ብዙሓት ሓደሽትን ምልቃቅ ገለ ዝኸፈሉን የፈላለ ከምዝነብረ ገሊጹ። ንሱውን ንኣምንስትይ ኢንተርናሽናል፡ ኩሎም እቶም ግዳያት ብኣዝዩ ጭኮና ዝመልኦ ኣሰቃቂ ግፍዕትት ከምዝሳቀዩ ገሊጹ። ንሱ ኣብተን ጅሆ ተታሒዞለን ዝነበረ ሸሞንተ ኣዋርሕ፡ ሸውዓተ ሰባት ብሰንኪ ኣሰቃቂ ኣተሓሕዛን መግረፍትን ከምዝተቀትሉ መስኪሩ።

“ኩላትና ኣብ ሓንቲ ገዛ ኢና ተዓጺና ነይርና፡ ኣብ ምሉእ መዓልቲ ክልተ ናኣሽቱ ባኒ ይወሃበና። ኩላትና ከኣ ብብሓሙሽተ ሰባት ብሰንሰለት ሞቁሕ ተታሓሕዝና ንእሰር። ገለ ካብቶም ሒዞሙና ዝነበሩ ጥራሕ ነብስና ንንውሕ ዝበለ እዋን ብኮፍ ወይ ብጠጠው ከነሕልፎ ይእዙዝና። ንሓደ ማዓልቲ'ኳ ይኹን ክሕጸብ ተፈቒዱለይ ኣይፈልጥን። ዓይኒ ምድሪ ሓደ ግዜ ንመዓልቲ  ኣብ'ቲ እንነብረሉ ዝነበርና ገዛ ዝነበረ ሳንኬሎ ንጥቀም ይፍቀደልና። እናቀጥቀጡ ከሳቁዩና ወይ ከኣ ካብ ናሕሲ ንቁልቁል ኣፍና ከንጠልጡልና ከልው ጥራይ እዮም ካብ'ቲ ምስ ብጾትና ዝተኣሰርናሉ ሰንሰለት ዝፈትሑና። ወትሩ ብበትርን ብሰንሰለት ናይ ሓጺንን ኣብ ምሉእ ኣካላተይ ይቅጥቀጥ ነይረ። ገለ ገለ እዋን ከኣ ክልተ የእዳወይ ኣሲሮም ንነዊሕ ሰዓታት ኣብ ናሕሲ ንቁልቁል ኣፈይ የንጠልጡልኒ። ገለ ገለ እዋን እውን ናይ ኤልትሪክ ገመድ ኣብ ኣጻብዕተይ ብምልጋብ ብተዘዝታ ናይ ኳረንቲ የሳቅዩኒ። ኣብ እንሳቀየሉ እዋን ንስድራና ከምእንድውል ይገብሩ። ነተን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ኣብ'ቲ እንነብረሉ ገዛ ዳርጋ መዓልታዊ ይጋሰስወን። ገለ ካብቶም ዓመጽቲ ከኣ ኣብ ዝጋሰሱሉ ክንጥምቶም ይግዱዱና።”

እዚ መንእሰይ'ዚ ቤተሰቡን ኣዝማዱን 27 ሽሕ ዶላር ምስ ከፈሉሉ ናጻ ዘተለቀቀ መንእሰይ እዩ። እዋርሕ ድሕሪ ምፍቱሑ፡ ኣብ ከባቢ ዓንካር-ዓንካራቶኡ ዝረኣዩ በሰላታት ከኣ ኣብ ሲናይ ንሸሞንተ ኣዋርሕ ብናይ ሰንሰለት ሞቑሕ ከምዝተኣሰረ ዝሃቦ ቃለ-ምስክርነት ዘረጋግጹ ህያው ምስክር እዮም።



ዓንካር-ዓንካሪቶ ወዲ 17 ዓመት ኤርትራው ነቲ ኣብ ሲናይ ብኣስገርቲ ንሸሞንተ ኣዋርሕ ብናይ ሰንሰለት መቑሕ ድሕሪ ምእሳሩ ኣብ ኣካላቱ ዘተረፈ በሰላ ዘርኢ።

©Amnesty International

ካብተን ብዕለት 21 ጥሪ 2013 ካብ መዓስከር ሽገራኣብ ዝተጨውያ ኣርባዕተ ደቂ ኣንስትዮ፡ ቤተሰብ ናይተን ክልተ ተጨውየን ኣብ ሲናይ ማለት ግብጺ ጅሆ ከም ዝተታሕዛ፡ እቶም ጅሆ ዝሓዝውነ ከኣ ንኽለቁወን ዘይተኣደነ ገንዘብ ይሓትወን ከምዘለው ብቴሌፎን ነጊረናኦም።

ሓንቲ ካብተን ብዕለት 21 ጥሪ ዝተጨውየት ጋል ኣንስተይቲ፡ ብዕለት 10 መጋቢት ንስድራቤታ ደዊላ ብራሻይዳ ከም ዝተጨወየትን እቶም ራሻይዳ ከኣ ንኽለቅዋ $30,000 ይብልዋ ከምዘለዉን ወላዲታ ንኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ሓቢራ። ንሳ ብቃላ ከምዚ ክትብል ገሊጻ፡

"ጓለይ እናበኸየት ሓገዝ ትሓተኒ ነይራ። ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልቲ $30,000 ኣኪብ እንተዘይከፊለዮም ከምዝቀትልዋ ነጊራትኒ። ንሕና ከኣ ኣይኮነን'ዶ ክንዲዚ ዝኣክል ንዖኦም ዝኽፈል ገንዘብስ ንቀለብ ደቃ ዝኸውን ዓቕሚ እኳ የብልናን"።

ድሕሪ'ዚ ዝርርብ እዚ፡ እታ ጋላ ምስ ተጨውየት ሓላፍነት እቶም ብዘይ ናይ ወላዲ ዋሕስ በይኖም ዝተረፉ  ደቂ ጓላ ክትወስድ ዝመጸት ወላዲት፡ ናብ ኤርትራ ምስ ተመልሰት፡ ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ተወሰኽቲ ርክባት ክገብር ኣይከኣለን። ብዛዕባ ሃለዋት ጓላ ከኣ ዝፍለጥ የለን።

ብዓልቲ ቤት ሓደ ኣቀዲም ኣቢሉ ኣብ ጥሪ 2013 ዝተጨዉየ ኤርትራዊ፡ ተመሳሳሊ ናይ ተለፎን መልእኽቲ ከምዝተቀበለት ንኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ኣብ ዝሃበቶ ቃል ሓቢራ። ሰብኣያ ካብ ጥቃ ኣብ'ቲ ማዓስከር ስደተኛታት ኣብ ዝርከብ ገዞኦም፡ ብዕለት 10 ጥሪ ናይ ንግሆ ተጨውዩ። ነቲ ኩነታት ብዓይኑ ዝረኣየ ቆልዓ፡ ብረት ዝዓጠቁ ኣርባዕተ ሰባት ብሓይሊ ኣብ መኪና ከም ዘደይብዎ መስኪሩ። ድሕሪ 12 መዓልቲ ከኣ ንሰበይቱ ኣብ ሲናይ ጅሆ ከምዝተታሕዘን፡ በቶም ዝሓዝዎ ከኣ ዘይተኣደነ ገንዘብ ክኽፍል ከምዝቅጥቀጥን ከምዝሳቀን ብተለፎን ነጊርዋ። እቶም ዝጨወይዎ $40,000 ክኽፍል ብምሕታት እንተዘይከፊሉ ግን ክቕተል ምኻኑ ኣጠንቂቆሞ።

ሰበይቱ ንኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ኣብ ዝሃብቶ ቃል ከም'ዚ ክትብል ገሊጻ፡

“ወለዱ ምውታት እዮም፡ ሰለስተ ኣዋልድ የሕዋቱ ኣብ ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ተሰዊአን፡ ብዘይካይ ወላሓደ ይብሉን። ኣን ከኣ ገንዘብ ዝብሃል የብለይን፡ ነዛ ቀለብ ደቀይ'ኳ ኣዝየ እየ ዝጽገም። ዋላ እንታይ ከምዝገብርውን ኣፈልጥን እየ”

ሓንቲ ካልእ ኤርትራዊት ጋል ኣንስተይቲ፡ ኣብ መጀመርታ 2013 ካብ ከባቢ ሽገራኣብ ተጨውያ፡ ብሓይሊ ሲናይ ድሕሪ ምውሳዳ፡ ኣብ 13 የካቲት 2013 ብሰንኪ ጭካነ ዝመልኦ ሕሱም ኣተሓሕዛ ከም ዝሞተት ዝገልጽ ሓቤሬታ ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ተቀቢሉ። እታ ጋል ስንክልቲ ኮይና ብሓገዝ ብሕክምና ዝተገብረላ ኣካላት እያ እትንቀሳቀስ። እቶም ዓመጽቲ ብሓይሊ ኣብ ዝጨወይዋ እዋን ብሕክምና ዝተገብረላ ኣካላት ምስወደቀ እናለመኖቶም ደርቢዮሞ ከይዶም። ንሳ ነቶም ዝጨወይዋ ክተክፍሎም ከምዘይትኽእልን ‘ድላዮም ክገብርዋ ከምዝኽእሉን’ ብተደጋጋሚ እኳ እንተገለጸትሎም፡ ብኣዝዩ ዘስካሕክሕ፣ ሕሱም ጭካነ ዝመልኦ ማህረምቲ፡ መልሓሳ ብናይ ሽጋራ ብምንዳድን ዝብላዕን ዝስተን ብምኽላእን ከም ዘሳቀይዋ ተገሊጹ። ድሕሪ ብዙሕ ስቃይ ምስ ሞተት ከኣ፡ ካልእ ምሳኣ ጅሆ ዝተታሕዘት ጋል ኣብ ማዓስከር ሽገራኣብ ንዝነበሩ ቤተሰባ ብተሌፎን ከምዝሞተት ብምሕባር ንቤተሰብ መዋቲት ክሕብርዎም ነጊራ።

ኣም መወዳእታ ናይ የካቲት 2013፡ ኣብ ኤርትራ ማሕበራዊ፡ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ለውጢ ንኽመጽእ እትነጥፍ ኤርትራዊት፡ ድምጺ ናይ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ሲናይ ጅሆ ናይ ዝተታሕዘት፡ ጓል ሸሞንተ ዓመት ቆልዓን ኣቦኣን ሰኒዳ። እታ ቆልዓ “ብበትሪ ተቀጥቂጠ”፡ “ብሓዊ ነዲደ” ን “ሓንቲ ባኒ ኣብ ክልተ ማዓለቲ” ይምገብ ክትብል ከኣ ገሊጻ። ጅሆ ካብ ትታሓዝ ጀሚራ ሰለስተ ሰባት ክሙቱ ከም ዝረኣየትውን ገሊጻ። ወላዲኣ፡ እታ ቆልዓ ኣዲኣ ብናይ ኤሌትሪክ ተዘዝታ ክትሳቀ ምስ ራኣየት፡ ንዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ብዘይ ምቅራጽ ከም ዝበኸየት ምስ'ታ ኤርትራዊት ኣብ ዝገበሮ ዝርርብ ገሊጹ። ብተወሳኺ ሰበይቱን ጓሉን ኣብ መጀመርታ ናይ ጥሪ 2013፡ ካብ ምብራቅ ሱዳን ብሓይሊ ተጨውየን፡ ኣብ ሞንጎ ከሰላን ሲናይን ዝርከቡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ኣስገርቲ ከምዝተሸጣ ሓቢሩ።

ብመሰረት ብኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ዝተኣከበ ሓቤሬታ፡ ናኣሽቱ ቆልዑ ዝርከብዎም፡ ኣብ ጥርን የካቲትን 2013 ዝተለቀቁ ግዳያት ጭውያን ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት ግብጺ ኣትዮም። እቶም ግዳያት ኣብ ሲናይ ጅሆ ተታሒዞምሉ ኣብ ዝነበሩ እዋን፡ እዝዩ ጭካነ ዝመልኦ ኣሰቃቂ ኣተሓሕዛን ምግሳስን ከምዝተሳቀዩ ይፍለጥ። ገል ካብኣቶም ከኣ ንኽልቀቁ $40,00 ዶላር ከምዝኸፈሉ ይፍለጥ።

ዝበዝሕ እዋን እቶም ግዳያት መጭወይቲን ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት፡ ኣብ ሲናይ ብዘይሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ይሳቀዩ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝተለቀቅሉ ከኣ ናብ እስራኤል፡ ግብጺ ወይ እትዮጲያ ይኣትው። መብዛሕትኦም እቶም ናይ ሲናይ ግዳያት ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ እስራኤል ይርከቡ።

# 6. ለበዋ

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት ዝካየደሉ መስመር፡ ካብ ኤርትራ ብኢትዮጵያን ሱዳንን ኣብሉ ስጋብ ግብጺ ይዝርጋሕ። መብዛሕትኦም እቶም ካብ ሲናይ ዝተለቁ ግዳያት ዓመጽ ኣብ'ዚ እውን'ዚ ኣብ እስራኤል ክኣትዉ ከለዉ፣ ገለ ካብኣቶም ናብ ግብጺ ተመሊሶም፡ ዝተረፉ ውሑዳት ከኣ ኣብ ኢትዮጵያ ይርከቡ። ቁጽሪ ናብ እስራኤል ዝኣትዉ ስደተኛታት፡ ድሕሪ ኣብ ዶብ እስራኤልን ግብጽን ዝስራሕ ዝነበር ሓጹርን ብሃገር እስራኤል ዝጸደቀ ሕጊ ምኽልካል ሰለኽቲ( Prevention of Infiltration Law) ኣብ ሰነ 2012 ኣብ ግብሪ ድሕሪ ምውዓልን ኣዝዩ ነከዩ።

እተን ኣብ'ቲ  ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት ዝከየደሉ መስመር መገዲ ዝርከባ ሃገራት፡ ኣብ ልዕሊ ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቅባን ዝግበር ግፍዕን ዓመጽን ደው ንምባል፡ ሃገራዊ ጻዕረን ብዝዓበይ ከምሓይሻ ይግባእ። ብዘይካ'ዚ ብሕቡራት ሃገራትን ኣህጉራዊ ማሕበራት ስደተኛታትን ኣብ'ቲ ዞባ ዝካየድ ዘሎ ምጭዋይን ምስግጋርን መሸጣ ደቂ ሰባትን ደው ንምባል ዝውሰድ ተበግሶ  ተሳትፎኦን ክሓይላን ይግባእ።

# ሱዳን

ኣምንስትይ ኢንተርናሽናል ስጋብ እዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ጉዳይ ምጭዋይ ስደተኛታት ካብ ማዓስከራት ሽገራኣብ ዝምልከት ብሰበስልጣን ሱዳን ክውሰድ ዝጸንሐ ጻዕርታት፡ ከም ምእሳርን ምኽሳስን ገል ጥርጡራት ሓዊስካ እንዳገለጸ። እንትኾነ ግን፡ እዚ ማሕበር ብቀጻሊ ካብ ውሽጢ ማዓስከር ስደተኛታት ሽገራኣብን ከባቢኡን ዝጭወዩ ስደተኛታትን፡ ንተቀማጦ እቲ ማዓስከር ናብ ናይ ምጭዋይ ሓደጋ ዘቃልዕ፡ ንኹሉ ግሁድ ዝኾነ ሕጽረት ጽጥታትን ድሕነትን ስደተኛታት ኣብ'ቲ ማዓስከርን ከምዘሎ መጠንቀቕታ ክረክብ ጸኒሑ እዩ። ብፍላይ ከኣ ምትሕብባር ኣባላት ሃገራዊ ጽጥታ ሱዳን ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቅባን እዝዩ ዘሻቅል ኩነታት ምኻኑ ይገልጽ።

### ኣንምስቲ ኢንተርናሽናል ንመንግስቲ ሱዳን ነዞም ዝስዕቡ ንኽገብር ይጽውዕ፡

ኣንስትይ ኢንትርናሽናል ንሰበስልጣን መንግስቲ ሱዳን፡፡[12] ምስ ኣህጉራዊ ናይ ስደተኛታት ማሕበርን ወከልቲ ውዱብ ሕብራት ሃገራትን ምስካልኦት ዞባውን ኣህጉራውን ትካላት ብምትሕብባር ነቲ ጉዳይ ጠጠው ኣብምባል ክሰርሕን ነዞም ዝስዕቡ ኽተግብርን ንጽውዕ፡

- ምርግጋጽ ድሕነትን ጸጥታን ኣብ ሱዳን ዝርከቡ ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቅብን። ስደተኛታት ሱዳን ኣብ ዝኣትዉሉ፡ ካብ ሱዳን ኣብ ዝወጽሉን ብሱዳን ኣብ ዝሓልፍሉን፡ ብኣብ ዘይሕጋዊ ምሰግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት ዝተዋፈሩ ጉጅለ ገበነኛታት፡ ኣብ ሓደጋ ናይ ዓምጽን ወጽዓን ከይወድቁ ድሕነቶምን ጸጥታኦምን ምርግጋጽ። ነዚ ንምግባር ዝውሰዱ ስጉምቲ ከኣ፡ እኹልን ዘላቒን ዝኾነ ጸጥታን ድሕነት ማዓስከራት ስደተኛታት ሽገራኣብን ኣብ ከባቢ ኣብ ከሰላ ዝርከብ መቀበሊ ስደተኛታት ላዕለዋይ ተጸዋዒ ኮምሽነር ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃግራት፡ ብህጹጽ ዘማዕብልን ዘተግብርን ቀዳምነት ዝሃበ ክኸውን ይግባእ።
- ምቕልጣፍ ኣብ ምሕላፍ እቲ ተነዲፉ ዘሎ ሃገራዊ ሕጊ ጸረ- ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት፡ በዚ ከኣ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት ገበናዊ ወንጀል ብምግባር ደው ንምባሉ ካልእ ጽኑዕ ስጉምቲታ ምቅራብ። እዚ ከኣ ንትግባረ ሕግታት ከም ግብረ መልሲ ዘሐይል፡ ምቃም ናይ ስደተኛታት ኣካላት ኣብ ሱዳን፡ ምቃም ንጉዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት ዝቆጻጻር ፐርሶነልን ስግምቲ ንድሕነትን ሓገዝን ግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ከጠቃልል ይግባእ።

■ ንኹሎም ጥርዓናት ተሳታፍነትን ምትሕብባር ኣባላት ሃገራዊ ጸጥታ ሱዳን ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን ቅልጡፍ፡ ሓቀኛን ዘየዳሉን መርመራ ክካየድ። እኹልን ተቀባልነት ዘልዎ ሞርትዖ ኣብ ዝርከበሉ ከኣ ገብነኛታት ክኽሰሱን ብኣህጉራዊ መዓቀኒታት ቅኑዕ ፍርዲ መሰረት ክፍረዱን ዋላ ሞት ኣብ ዝፍረድሉውን ጸግዒ ከይዋሃቦምን ምርግጋጽ።

■ ኩሎም ኣብ ገበናት ምጭዋይን ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባትን ኢድ ዘልዎም ሰባት ኣብ ሕግን ፍትሕን ንምቕራብ ዝላዓለ ጻዕሪ ክግበር።

■ ግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ዝኾኑ ሓተቲ ዑቕባ ርትዓውን ሓቀኛን መሰል ምሕታት ዑቕባ ክዋሃቦም ምርግጋጽን፡ ኣብ መስርሕ ምሕታት ዑቕባ እናሃለው ብሓይሊ ናብ ሃገሮም ወይ ከኣ ናብ ሳልሳይ ሃገር ከይምለሱን ከይባረሩን ምሕላው።

# ግብጺ

መንግስቲ ግብጺ ኣብ ውሽጢ ሜሬት ግብጺ ውይ ከአ ኣብ'ቲ ትሕቲ ሕጋዊ ስልጣኑ ዝርከብ ንዝኾነ ይኹን ሰብ፡ ካብ ሓደጋ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን፡ ካብ ጭካነ ዝመልኦ ዓመጽን ዘስካሕክሕ ኣተሓሕዛን ካልኦት ዓይነት ዓመጽን ክሕልዎ ሓላፍነት ኣለዎ። [13]

ኣብ ግብጺ፡ እቶም ግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት ዝኾኑ፡ ኣብ ሲናይ ዝተሳቀዩን ካልኦት ሓተቲ ዑቕባን ብገበን ዘይሕጋዊ ምጥሓስ ዶባት ይእሰሩ። ስደተኛታት ንምቁጽጻር ኣብ ዝግበር ማእሰርቲ፡ ኣብ ፍሉይ ኩነታት ጥራይ ዝእዘዝን ብመሰረት ዝርዝራዊ ገምጋም ግዳይ ናይ ነፍሲ ወከፍ ውልቀ ሰብ ክኸውን ይግባእ።

**ኣንምስቲ ኢንተርናሽናል ንመንግስቲ ግብጺ ነዞም ዝስዕቡ ንኸተግብር ይጽውዕ፡**

■ ኣብ ከባቢ ሲናይ ናይ ግብጺ ብቀጻሊ ኣብ ልዕሊ ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን ዝወርድ ዘሎ ዓመጽን ኣስካሕካሒ ግፍዕን ጠጠው ንምባል ህጹጽን ሓያልን ጻዕርታት ክትገብር።

ሰበስልጣን ግብጺ ነዞም ዝስዕብ ብፍሉይ ክተግብሩ ይግባእ፡

■ ንጥርዓናት ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ግቡእ ግብረ መልሲ ዝህብ ትግባረ ሕጊ፡ ሲናይ ሓዊስካ ኣብ ምሉእ ግብጺ ምሕያል።

■ ኣብ ጉዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት ደው ንምባል ዝግበር ቃልሲ፡ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን ምሸጣን ደቂ ሰባት ዝካይደሉ ኩነታት ምልላይን፡ ድልየታት ግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ንምርዳእ ንፖሊስን ናይ ስደተኛታት እካላትን ኣስተምህሮን ስልጠናን ምሃብ።

■ ንኹሎም ጥርዓናት መጭወይቲ፡ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባትን ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን መርመራ ምክያድ። እኹልን ተቀባልነት ዘልዎ ሞርትዖ ኣብ ዝርከበሉ ከኣ ገብነኛታት ክኽሰሱን ብኣህጉራዊ መዓቀኒ ቅኑዕ ፍርዲ መሰረት ክፍረዱን ዋላ ሞት ኣብዝፍረድሉውን ጸግዒ ከይዋሃቦምን ምርግጋጽ።

■ ስደተኛታት ጅሆ ተታሒዞምሉ ኣልው ዝባሃል ኣብ ሰምኔዊ ምብራቅ ሲናይ ዝርከብ ቀጽርታት ብህጹጽ መርመራታት ክግበር። ኩሎም ጅሆ ተታሒዞም ዘልዉ ሰባት ብህጹጽ ነጻ ክወጽኡ ስጉምቲ ክውሰድን እቶም ግዳያት ብዝቀልጠፈ እኹል ሕክምናዊ ክንክን ክግበሮሎምን ርትዓዊን ቅኑዕን ናይ ዕቕባ መሰል ክህልዎም ይግባእ።

■ ንግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ካልኦት ዓይነት ዓመጽን ምሕላውን ምሕጋዝን ሓያል ጻዕሪታት ክግበር። እዚ ከኣ ንግዳያት ሲናይ ንምልላይን ኣለሊኻ ንምሕጋዝን ዝኽእል ስጉምቲ ምውሳድን ኣህጉራዊ መምዘኒ ዘማልአ ናይ ሕክምናዊ፡ ስነ-ኣእምሮዊ፡ ማሕበራውን ካልኦት ዓይነት ናይ ተሃድሶ ኣገልግሎትን ምቕራብን ነቶም ኣገልግሎት ናይ ምጥቃም መሰሎም ከኣ ምሕላውን።

■ ግዳያ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ካልኦት ዝኾነ ሕጋዊ መረጋገጺ ዘይብሎም ሓተቲ ዑቕባን ከይእሰሩን ብዘይሕጋዊ ዶብ

ሰጊሮም ምእታዎም ከይከሰሱን ምርግጋጽ። ብተወሳኺ ማእሰርቲ ሓተቲ ዑቕባ ኣብ ትሕቲ ኣዝዩ ፍሉይ ኩነታት ጥራይ ዝእዘዝን ብመሰረት ዝርዝራዊ ገምጋም ጉዳይ ናይ ነፍሲ ወከፍ ውልቀ ሰብ ክኸውንን ይግባእ።

- ኩሎም ሓተቲ ዑቕባ ንዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ወሲኽካ፡ ርትዓውን ሓቀኛን ብዝኾነ መገዲ ዑቕባ ናይ ምሕታት መሰሎም ክሕለወሎም። ኣብ ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ተጸዋዒ ኮምሽነር ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ኣንጌሎት ናይ ምርካብ መሰሎም ምርግጋጽ። ብተወሳኺ መስርሕ ምሕታት ዑቕባ ኣብ መስርሕ እናሃለው ብሓይሊ ናብ ሃገሮም ወይ ከአ ናብ ሳልሳይ ሃገር ከይምለሱን ከይባረሩን ምሕላው።

- ምስ ኣህግራዊ ትካላት ከም እህግራዊ ማሕበር ስደተኛታት፡ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ኮምሽነር ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃግራትን ካልኦት ዞባዊ መንግስታትን እቲ ጉዳይ ብመንጽር ጥርዓናት ሰብኣዊ መሰላት ተራእዩ ነቲ ጉዳይ ደው ንምባል ዝግበር ጻዕርታትን ተቦግሶታትን ምሉእ ምትሕብባር ክግበር።

- ኣብ ሲናይ ዝርከብ ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን ተኣሲረሙሉ ዘለው ቤት ማእሰርቲ ንኣህጉራዊ ናይ ስደተኛታት ማሕበር፡ ንላዕለዋይ ተጸዋዒ ኮምሽነር ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃግራትን ካልኦት ዝምልከትን ማሕበራትን ምሉእን ዘየዕንቅፍን ምሰል ምብጻሕን ምክትታልን እቲ እሱርቤት ክፍቀደለን።

# ኤርትራ

ሰፊሕ ሰረት ዘለዎ ሜላ ዝተሓወሶ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ኣገዲድካ ምኪታብ መንእሰያት ኣብ መወዳእታ ዘይብሉ ሃገራዊ ኣገልጉሎት ጠንቂ ናይ ስደት ኣሻሓት ኤርትራውያን ወርሓዊ እዩ።

**ኣንምስቲ ኢንተርናሽናል ንመንግስቲ ኤርትራ ነዞም ዝስዕቡ ንኽገብር ይጽውዕ፡**

- ዝኾነ ይኹን ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት ደው ንምባል ዝውሰድ ዞባዊ ጻዕርታት ኣብ ዝግበር ምትሕግጋዝ፡ ምስ ኣህጉራውው ሕግታትን መምዘኒታትን ዝቃዶ ምኻኑ መርግጋጽን ብዝኾነ ይኹን መገዲ ናይ ኣብ ኤርትራ ንዝነብር ህዝቢ ሰብኣዊ መሰላት፡ ብፍላይ ከኣ ናጽነት ምንቅስቓስ ዘይግህስ ክኸውን ምርግጋጽ።

- ንኹሎም ጥርዓናት ተሳታፍነት ላዕልዎት ሰበስልጣን ኤርትራ ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት፡ ቅልጡፍን ሓቀኛን ዘየዳሉን መርመራ ክካየድ። እኹልን ተቀባልነት ዘለዎ ሞርትዖ ኣብ ዝርከበሉ ከኣ ገብነኛታት ክኽሰሱን ብኣህጉራዊ መዓቀኒ ቅኑዕ ፍርዲ መሰረት ክፍረዱን ዋላ ሞት ኣብ ዝፍረድሉውን ጸግዒ ከይዋሃቦምን።

# እስራኤል

ናይ መወዳእታ መዓልቦ ሃገር ግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባትን ካልኦት ዓይነት ዓመጽን ሲናይ ከም ምኻና መጠን፡ እስራኤል ንግዳያት ዘለሊ ዝሓሸ ኣገባብ ኣሰራርሓ ክህልዋን ነቶም ግዳያት ርትዓዊ መሰል መስርሕ ናይ ዑቕባን እኹል ዝኾነ ሓገዝን ክትቅርበሎም ይግባእ።

ኣብ እስራኤል ብኣሽሓት ዝቁጸሩ ሓተቲ ዑቕባ፡ ግዳያት ዓመጽ ሲናይ ከይተረፉ መሰረት “ሕጊ ምኽልኻል ካብ ሰሎኽቲ (Prevention of Infiltration Law)” ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ይርከቡ። እቲ ሕጊ ዝኾነ ይኹን ናብ እስራኤል ብዘይፍቓድ ዝኣተው ሰብ ካብ ሰለስተ ዓመት ንላዕሊ ክእሰር ይፍቅድ። ብተወሳኺ እቲ ሕጊ ቀልዑትን ዓበይትን ከይተረፈ የጣቃልል። ስደተኛታት ንምቁጽጻር ኣብ ዝግበር ማእሰርቲ፡ ኣብ ፍሉይ ኩነታት ጥራይ ዝእዘዝን ብመሰረት ዝርዝራዊ ገምጋም ጉዳይ ናይ ነፍሲ ወከፍ ውልቀሰብን ክኸውን ይግባእ።

ብተወሳኺ ንነዊሕ እዋን ጅሆ ተታሒዞም ዝጸንሑ ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን፡ ብፍላይ ከኣ ጭካነ ዝመልኦ ኣሰቃቂ ኩነታት ዝሳቀዩ ዝነበሩ ሰባት ዝለዓለ ደረጃ ክንክንን ኣተሓሕዛ የድልዮም። ቤት ማእሰርቲ ከኣ ከምዚኦም ዓይነት ክንክንን ኣተሓሕዛ

ክትቅርበሉ ዝሰማማዕ ቦታ ኣይኮነን።

**ኣንምስቲ ኢንተርናሽናል ንመንግስቲ እስራኤል ነዞም ዝስዕቡ ንኸተግብር ይጽውዕ፡**

■ ኩሎም ኣብትሕቲ ቀይዲ ዘለዉ፡ ብውልቃዊ መሰረት ጉዳዮም ብዝርዝር ዘይተራእየ ሓተቲ ዑቅባ፡ ብዝቀልጠፈ ክፍትሑ። ዝኾነ ይኹን ንሓተቲ ዑቅባ ኣብ ቀይዲ ዘእቱ ውሳነ፡ ሕጋውነት እቲ ቤት ማእሰርቲ ምስ ኣህጉራዊ መምዘኒታት ዝሳነን ኣብ ዝርዝራዊ ገምጋም ጉዳይ ናይ ነፍሲ ወከፍ ውልቀ ሰብ ዝተሞርከሰ ክኸውንን ይግባእ። ኣህጉራዊ ሕጊ ከኣ ሃገራት ኣገዳስነት ምእሳር ናይ ነፍሲ ወከፍ ውልቀ ሰብን እቲ ማእሰርቲ ምስ'ቲ ናይ መእሰሪ ዕላማ ተዛማዲ ምኻኑን ከብራሃ ከምዝግበኤን ብንጹር ይገልጽ።

■ ኩሎም ሓተቲ ዑቅባ ብዝቀልጠፈ ርትዓውን ሓቀኛን መሰል ምሕታት ዑቅባ ክዋሃቦም ምርግጋጽን ኣብ መስርሕ ምሕታት ዑቅባ እናሃለው ብሓይሊ ናብ ሃግሮም ወይ ከኣ ናብ ሳልሳይ ሃገር ከይምለሱን ከይባረሩን ምሕላው።

■ ግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባትን ካልኦት ዓይነት ዓመጽን ኣብ ሲናይ ንምልላይ ሰፊሕን ንጹርን ኣገባብ ኣሰራርሓ ምቃምም። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ ግዳያትን ኣብ ዶባት ሓደሽቲ ኣተውትን ንምልላይ ኣብ ተግባር ምውዓሉን።

■ ንግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባትን ካልኦት ዓመጽን፡ ኣህጉራዊ መምዘኒ ዘማልእ ናይ ሕክምናዊ፡ ስነ-ኣእምሮዊ፡ ማሕበራውን ካልኦት ዓይነት ናይ ተሃድሶ ኣገልግሎትን ምቅራብን ነቶም ኣገልግሎት ናይ ምጥቃም መሰሎም ከኣ ምሕላውን።

# ዞባዊ ምትሕግጋዝ

ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት ደው ንምባልን ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቅባን ካብ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰለሞን ንድኣን ዓመጽን ንምድሓን ኣብ ዝግበር ቃልሲ፡ ብርቱዕ ጻዕሪ ካብ ኩለን ኣብ'ቲ ዞብ ዝርከባ ሃገራት የድሊ። እዚ ኮይኑ ግን ብደረጃ ሃገር ዝግበር ጻዕርታት ብንጽል ክፍጸም ኣይኽእልን እዩ። ውጽኢታዊ ዝኾነ ግብረመልሲ ኣንጻር ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት ንኽግበር፡ ሓያል ዝኾነ ምትሕግጋዝን ምውህሃደን ኣብ ሞንጎ ኩለን እተን ኣብ'ቲ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን ምሽጣን ደቂ ሰባት ዝካይደሉ መስመር መገዲ ዝርከባ መንግስታት ማለት ኢትዮጵያ፡ ሱዳንን ግብጽን ይድሊ።

**ኣንምስቲ ኢንተርናሽናል ንኹሎም ኣብ'ቲ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ደቂ ሰባት ዝካይደሉ መስመር ዝርከባ መንግስታት ነዞም ዝስዕቡ ንኽገብሩ ይጽውዕ፡**

■ ጽፉፍን ውጽኢታዊ ዝኾነ ምውህሃድ ጥርዓናት ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት፣ ትግባረ ሕግታትን ናይ ሰደት ኣገልግሎትን ንምሕያል ሕጋውን ፖሊታክውን ኣሰራርሓ ከማዕብሉ። ብፍላይ ከኣ ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን ምሻጥን ደቂ ሰባት ዝተዋፈሩ ገበነኛታት ብቅልጡፍ ምልላይን ኣብ ቀይዲ ምውዓልን፡ ንግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን ምሻጥን ደቂ ሰባት ኣለሊኻ ኣገዳሲ ሓገዝ ምግባርን ምዕቋቦምን።

■ ምትሕግጋዝ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ምስ ኣህጉራው ሕግን መምዘኒታትን ዝሰማማዕን ብዝኾነ ይኹን መገዲ ንመሰላትን ድሕነትን ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቅባ ዘይግህስ ምኻኑ ምርግጋጽ፡ ብፍላይ ከኣ ካብ ቦት ናብ ቦታ ናይ ምንቅስቃስ ናጽነትን ዑቅባ ናይ ምሕታት መሰሎምን።

# መወከሲ

[1] ብገምጋም ላዕለዋይ ተጸዋዒ ኮምሽነር ስደተኛታት ኣብ ምብራቕ ሱዳን ኣስታት 89,000 ስደተኛታት ኣለዉ። ካብ'ዚ ኣቶም እቶም 99.4 % ኤርትራውያን እዮም። ኣስታት 30,000 ዝኾነ ስደተኛታት ኣብ ማዓስከራት ሽገራኣብ ይነብሩ። እዚ ቁጽሪ እዚ ሓደሽቲ ኣተውቲን ኣብ ግዜ ቃልሲ ንናጽነት ኤርትራ ኣንጻር ኢትዮጵያን (ካብ 1960 ክሳብ መጀመርታ 1990) ዝተሰደዱን ስደተኛታትን የጠቃልል። ፖሎቲካዊ ጭኮናን ንዓሰርተታ ዓመታት ዝኸይድ ግዱድ ዕስክርና ኣብ ሃገራዊ ኣገልጉሎት ጠንቂ ስደት ወርሓዊ ዳርጋ 3,000 ዝኾኑ ኤርትራውያን እዩ። ብመሰረት ላዕለዋይ ተጸዋዒ ኮምሽነር ስደተኛታት ዝበዝሑ ካብ ኤርትራ ናብ ሱዳን ከምዝኸደ ይግለጽ።

[2] ኣብ ገጽ 7 መወከሲ 5 ረአ

[3] ኣብ ገጽ 7 መወከሲ 6 ረአ

[4] ብዛዕባ እዚ ከተንብብ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣብ ኢንተርነት ተመልከት

UNHCR, ‘Refugees and the Rashaida: human smuggling and trafficking from Eritrea to Sudan and Egypt’, March 2013,

http://reliefweb.int/sites/reliefweb.int/files/resources/human%20smuggling%20and%20trafficking%20from%20Eritrea%20to%20Sudan%20and%20Egypt.pdf

[5] ብዛዕባ እዚ ከተንብብ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣብ ኢንተርነት ተመልከት

See, for example, Physicians for Human Rights-Israel and the Hotline for Migrant Workers, ‘Tortured in Sinai, Jailed in Israel: Detention of Torture and Slavery Survivors under the Anti Infiltration Law’, (http://www.scribd.com/doc/112198648/Tortured-in-Sinai-Jailed-in-Srael-Eng) or, There have also been reports in a smaller number of cases of the complicity or involvement in kidnappings of Sudanese security forces stationed on the border between Ethiopia and Sudan.

[6] ብዛዕባ እዚ ከተንብብ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣብ ኢንተርነት ተመልከት

UN Monitoring Group on Somalia and Eritrea, ‘Report of the Monitoring Group on Somalia and Eritrea pursuant to Security Council resolution 2002 (2011)’, (July 2012).
http://www.un.org/ga/search/view_doc.asp?symbol=S/2012/545

[7] ብተቀማጦ ማዓስከራት ስደተኛታት ሽገራኣብ፡ ብስድራቤታት ግዳያትን ምጭዋይን ካብ ጅሆ ዝተተሓዝሉ ሃዲሞም ብዝመልቁ ስደተኛታትን ራሻይዳ ዝበዝሕ እዋን ይጥቀሱ። ራሻይዳ ልምዳዊ ምርባሕ ገመል ዝነብሩ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ምብራቕ ሱዳንን ኣብ ካልኦት ቦታታትን ዝነብሩ ሰብኸ ሳግም እዮም። ኣብ ሱዳን ኣብ ሞስቶራ ዝባሃል ኣብ ከባቢ ዶብ ኤርትራ ይርከቡ።

[8] Trafficking in persons is “the recruitment, transportation, transfer, harbouring or receipt of persons, by means of the threat or use of force or other forms of coercion, of abduction, of fraud, of deception, of the abuse of power or of a position of vulnerability or of the giving or receiving of payments or benefits to achieve the consent of a person having control over another person, for the purpose of exploitation. Exploitation shall include, at a minimum, the exploitation of the prostitution of others or other forms of sexual exploitation, forced labour or services, slavery or practices similar to slavery, servitude or the removal of organs.” ,Protocol to Prevent, Suppress, and Punish Trafficking in Persons, Especially Women and Children, supplementing the United Nations Convention against Transnational Organized Crime (Article 3(a)).

[9] ንኣብነት ኣብ “Stand in the Sinai” ዝብል ተኻታታሊ ሰነዳት ክትርኢ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣብ ኢንተርነት ተምልከት

http://thecnnfreedomproject.blogs.cnn.com/2012/09/26/stand-in-the-sinai-now-online/.

[10] ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት “ ብቀጥታ ወይ ብተዘዋወሪ መገዲ ፋይናንሳዊ ወይ ካልእ ንዋታዊ ጠቕሚ ንምርካብ ብዘይሕጋዊ መገዲ ሰባት ናብዘይ ሃገሮም ኣምሊቕኻ ምእታው እዩ”። Protocol against the Smuggling of Migrants by Land, Sea and Air, supplementing the UN Convention against Transnational Organised Crime (2000).

[11] ዝበዝሑ ካብቶም ግዳያት ካብ ትሑት መንባብሮ ዘለዎም ድኻታት ስድራቤታት ስለዝመጹ ስድራቤቶም ኣብ ምእካብ ንኽኸፍልዋ ዝተሓተትዎ ገንዘብ እዝዮም ይጽገሙ። ስድራቤታት ብዙሓት ግዳያት ንባዕሎም ስደተኛታት ኮይኖም ኣብ ትሑት ናይ ቁጠባዊ ዕድላት ዘለወን ሃገራት ይነብሩ። ብዙሓት ካብተን ስድራቤታት ከኣ ኣብ ኤርትራ ማለት ኣብ’ታ ዝበዝሐ ካብ ህዝባ ኣብ ገደብ ዘይብሉ ግዱድ ሃገራዊ ኣገልጉሎት ዝኸደላ፡ ወርሓዊ ደሞዝ ንመሰረታዊ ድሌታት ዘይሸፍን ሃገር ይነብሩ። ቁጠባዊ ኩነታት ኣብ ኤርትራ ኣብ እዝዩ ጽንኩር ኩነታት እዩ ዝርከብ። ስለ’ዚ ከኣ ብዙሓት ስድራቤታት ግዳያት ኣብ እዝዩ ዝኸፍአ ኩነታት ይሽመሙ።.

[12] ሃገረ ሱዳን ሓንቲ ካብተን ናይ 1951 ንስምምዕ ሕጋዊ ኩነታት ሰደተኛታትን ናይ 1967 ፕሮተኮልን ስምምዕ ንፍሉይ መልክዕ ጸገማት ስደተኛታት ኣብ ኣፍሪቃን ዘማሓድር ዝፈረመት ኣባል ሃገር እያ።

[13] ግብጺ ኣባል ሃገር ብቀጥታ ንዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣ ደቂ ሰባትን ንመሰላት ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን ዝምልከት ሓያሎ ኣህጉራዊ ስምምዓት ዝፈረመት እያ። ንሳቶም ከኣ ፕሮቶኮል ንምኽልካል፡ ምጥፋእን ምቕጻዕን ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣ ደቂ ሰባት ብፍላይ ከኣ ቆልዑን ደቂ ኣንስትዮን ዝተዋፈሩ ሰባት (ኣብ 2004 ዝተፈረመ)። ናይ 1951 ስምምዕ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ንሕጋዊ ኩነታት ሰደተኛታት ዝምልከት (ኣብ 1981 ዝተፈረም)። ብተወሳኺ ሰበስልጣን ግብጺ ተገዛእቲ እቲ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣ ደቂ ሰባት ደው ንምባል ዝሓልፈን ሃገራዊ ሕጊ ጸረ-ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣ ደቂ ሰባት ተገዛእቲ እዮም። ሕጊ 64 ናይ 2010ን፡ ኣብ ወግዓዊ ጋዜጣ ጋዘተ ኣብ ናይ ግንቦት 9 2010 ሕትመታ ዝወጸን እዩ። መምርሒ ኣተጋባብራ ከኣ ብመሰረት ኣዋጅ 3028 ናይ ቀዳማይ ሚንስተር ናይ 2010፡ ሽዱሽተ ታሕሳስ 2010 እዩ።

AMNESTY
INTERNATIONAL